# ኣዋርኛ ትግራይ

ክየንቲ ትግራይ ... ክዘንቱ ቅያኹም
ክዝርዝር ስራሕኹም ... ክሳዕሉ ስምኩም፤
ሽምዓ ኮይንኹም ... ብርሃን ዝወላዕኹም
ሓቦ ዝኾንኩም ... ንዝስዕቡ ኣሰርኩም፤
መን ኣሐንከለኩም ... መንከ ኣዐንቀፈኩም
ኣየናይ ሓያል'ዩ ... የሻል ዘበለኩም!

ኣብእዋን ቃልሲ ... ኣብቱ ውዕውዕ ኲናት
ንጥይት ዘምለጥኩም ... ንቡንባ ነፋሪት፣
ንጉዕዞ ለይቲ ... ንቱ ድቕድቕ ፀልማት
ንቱ ሓባጥ ጎርባጥ ... ዓቐበት ቁልቁለት፣
ንኹሉ ሰጊርኩም ... ኣብ'ዚ ምስበፃሕኩም
እንታይ ተረኺቡ ... ሎሚ ሸብረኽ ኢልኩም!

ኣቱም ተባዓት ... ኣቱም ደቂ ህዝቢ
ክምስለኩም ዶ ... ብቱ ህርኩት ንህቢ፣
ፀላኢ እትመፅእ ... ሓንጊዱ ዝኣቢ
ፃዕራም ሰራሕተኛ ... ብስራሕ ዝዓቢ፣
ምህርቱ ወለላ ... ዝፍቶ ብኹሉ
ህዝብኩም ፀጊቡ ... መኣዝ ተዓንጊሉ!

ክቡራት ከየንቲ ... ቃልኪዳን ኣፅኒዕኩም
ብሓባር መሪሽኩም ... ቃልኩም ዝፈፀምኩም፣
ምዕባለ ሙዚቃ ... መኣዝ ተኣዊሊሉ
ውዮ ነዊሕ ጉዕዞ ... ኣሽዑ ኣኺሉ፣
እንታይ ኣህፂፁኩም ... መን ኣዳፊኡኩም
ብፍረ ፃዕርኩም ... ኣሻዕ ዓጊብኩም!

ደበና በርቲዑ ... ፀልሚቱ ብቕትሩ
መቐለ ሓዚና ... ነቢዕና ተጋሩ
ጋኖ ዶ ከልዕሎ ... ንሃንደበት ለታይ
ኣታ ተወረርና ... ንኣዋርቕ ትግራይ
ብኽያት ኣይዋይዋይ ... ኣይመልሰኩም ርግዳ
ሸኽሙ ዘይንኽሎ ... ገዲፍኩምልና ዕዳ፣

ቃላት የብለይን ... ከዘንቱ ውዕሎኹም
ኣይክዕሎን ዘርዚረ ... ብዙሕ'ዩ ግደኹም፣
ወትሩ ምሳና'ዩ ... ነባራይ ታሪኽኩም
ዕረፍቲ መሪፅኩም ... ይኣክል ካብበልኩም፤
ንኽይትምለሱ ... ርሒቕኩም ካብከድኩም፤
በሉ ድሓን ኩኑ ... ገነት ይኹን ቤትኩም!

እወ ድሓን ኩኑ ... ዝፈትወኩም ኣሕዋት
ሓመድ ይቕለልኩም ... የዋርስኩም ገነት
ንስድራ ንህዝቢ ... ይሃበና ፅንዓት

ብርሃን ሃይሉ
(ወጋሕታ)
ዋሽንግተን ዲሲ